# መሰል መዓልታዊ ሂወት

እዚ ፋይላት እዚ ኣብ ሞንጎ Coordination Asileን (ማሕበር ምውህሃድ ዑቕባ ጀኔቫን) Law Clinic ዝተባህለ ኣካል ዩኒቨርስቲ ጄኔቫን ዝፈረየ ጽሑፋት ኢዩ። ናብቶም ኣብ ጀኔቫ ዝነብሩ ኣሰናይ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመን ንኣሽቱ መንእሰያትን ዝዓለመ እዩ። ብዛዕባ ገለ ካብ መሰላቶም ንምሕባርን ንኩሉ ሰብ ብዝቐለለ መንገዲ ምእንቲ ክረኽብዎ ምግባርን እዩ።
ንዝያዳን ዝርዝራውን ሓበሬታ ብዛዕባ ኣሰናይ ዘይብሎም መንእሰያት ስደተኛታት ብዝምልከት ኣብ መንሹር (brochure) Law Clinic ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

- **መትከላት**

ንእሽተይ ተኾንካ ብመትከል ውዕል ክትፍጽም ስምምዕ ናይ ምምሕዳርካ ሕጋዊ ወኪልካን ሕጋዊ ኣገባባትን የድሊ። ንኣብነት ሕጋዊ ወኪልካ (ከም ንቡር እቲ ሓላፊ) ናይ ባንክ ሕሳብ ክትከፍት፡ ናይ ሞባይል ተሌፎን ውዕል ክትፍጽም፡ ናይ ክራይ ውዕል (ሓደ ክፍሊ ወይ ሓደ ገዛ ክትካረ) ክሰማማዕ ኣለዎ።

ብዛዕባ ካልእ ናይ መዓልታዊ ሂወትካ ጉዳያት ግና ምስ ሕጋዊ ወኪልካ ስምምዕ ክትገብር ኣየድልየካን ኢዩ። ንኣብነት መግቢ ክትገዝእ፡ ክዳን ወይ ካልእ ኣቕሑ ክትገዝእ ስምምዕ ኣየድልየካን ኢዩ። ኣብ ክለባት ስፖርትን ላይብረርን ውን እንተድኣ ረኺብካ ክትምዝገብ ትኽእል ኢኻ።

ዕድመኻ እቲ ሕጋዊ ዕድመ እንተድኣ ኮይኑ በይንኻ ክትንቀሳቐስን፡ ሰነዳት መንነትካን መንበሪ ወረቐትካን ከተርኢ ከድልየካ ይኽእል ኢዩ።

- **ሕሳብ ምኽፋት**

ኣብ ናይ ስዊዝ ፖስት ፋይናንስ (post finance) ሕሳብ ክትከፍት መረጋገጺ ናይ መንነትካ (ሕጋዊ ፓስፖርት ወይ መንበሪ ፍቓድ) ክተቕርብ ኣለካ። ኣድላይ ዝኾነ ምኽንያት ምስ ዘይተቕርብ ፖስት ኦፊስ (post office) ሕሳብ ክትከፍት ክኣብየካ ይኽእል ኢዩ።

ኣብዚ ጉዳይ ኩሉ ግዜ ናብ ማሕበራውን ሕጋውን ኣብያተ ጽሕፈት ኬድካ ኣማኽሮም። ሓደ ሓደ ግዜ ፍታሕ ክረኽቡልካ ይኽእሉ ኢዮም። ገሊአን ባንክታት ዝሐሸ ኣቀባብላ ክህልወን ይኽእል ኢዩ።

- **ኣቕሓ ምግዛእ**

ሓደ ነገር ክትገዝእ ከለኻ ሕጊ ስዊዘርላንድ ምሽ ሸያጢ ውዕል ከም ዝፈጸምካ ኢዩ ዝኣምን። እዚ ውዕል እዚ ነቲ ትገዝኦ ንብረት ክትከፍለሉ የገድደካ፣ ግን ከኣ ኣብ ሽግር ንገለ ካብቲ ዝገዛእካዮ ንብረት (ንኣብነት ሞባይል ተሌፎን) ይከላኸለልካ ኢዩ።

ንሓደ ወይ ክልተ ዓመታት ውሕስነት ኣለካ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ናይቲ ዝዓደግካዮ ንብረት መረጋገጺ ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ኩነታት ናይቲ መሸጣ እንተድኣ ተቐቢልካ ኮይንካ ዓቂብካዮ ክትጸንሕ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ።

- **ኣቕሓ ኣብ መስመር ምግዛእ (online)**

ኣብ ኢንተርኔት (online) ንብረት ምስትገዝእ ወላ ብሓንቲ ቃዕታ እንተኾነ ውን ውዕል ፈጺምካ ኣለኻ ማለት ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ ክፍሊት እንተኾይኑ እቲ ዋጋን እቲ ፋክቱርን ክትከፍሎ ክትግደድ ኢኻ።

- **ውዕል ምፍጻም**

ዝፈረምካሉ ውዕል ስለዝኣተወትካ ዋላ ውን ካብቲ ኣገልግሎት መኽሰባት ኣይትርከብ፡ ወይ ከይተረደኣካ እንተደኣ ፈጺምካዮ ኮይንካ ምስቲ ውዕል ናይ ዝተኣሳሰር ፋክቱር ተሓታቲ ኢኻ። ብዛዕባ መሰላትካ ክትፈልጥ ንሓፈሻዊ ኩነታት መሸጣ (GTC) ከተንብቦ ኣለካ።

ምስራዝ ውዕል ብዘይ ዝኾነ ሳዕቤን ብጽሑፍን ብመትከልን ክኸይድ ይከኣል ኣብቲ ውዕል ዝፍጸመሉ ዝስዕብ መዓልትታት ክፍጸም ይኽእል። መሰረት እቲ ዝፈጸምካዮ ውዕል እቲ ግዜ ይፈላለ ኢዩ። እቲ ኩነታት ምቁራጽ ኣብ CGV ስለዝኾነ ብድሕሪ`ዚ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ኢዩ።

# መሰል መዓልታዊ ሂወት

- **ዕዳ**

ዕዳ ወይ ንብረት ሙግዳል (ADB) ዝበሃል ገና ዘይክፈልካዮ ዘለኻ ዕዳ ማለት ኢዩ። ኣብ መዝገብ ዕዳ ከኣ እንተወሓደ ን20 ዓመት ይምዝገብ። ኣብ ናይ ስዊዘርላንድ ሂወትካ ከኣ ኣገዳሲ ጽልዋ ኣለዎ። ንኣብነት ወረቐትካ ክትቅይር፡ ገዛ ክትደሊ፡ ስራሕ ክትደሊ።

ብመስርዕ ክፍሊት ትቕበሎ። ነቲ ዝመጸካ ፋክቱር ኣቐዲምካ ከፊልካዮ እንተኮይንካ ወይ ብኽፊል እንተደኣ ከፊልካዮ ወይ ዘየገድሰካ እንተኾይኑ ምሉእ ብምሉእ ወይ ብኽፊል ክትቃወሞ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ እንተዘይኮይኑ ቤት ጽሕፈት ኣክባር ሕጊ ንዕዳኻ ብቐጥታ ክትከፍሎ ካብ ደሞዝካ ክካፈል ይከኣል ኢዩ።

ኣታዊታትካ ውሑድ እንተኾይኑ ጉድለት ዘለዎ ንብረት ክትቕበል ኢኻ።

ኣብ ግዚኡ ዘይተኸፍለ ፋክቱራት ናብ እኩብ ኩባንያታት (Enkassa, Debitors, EOS, Intrum etc) ክለኣኽ ይኽእል ኢዩ። እዘን ኩባንያታት እዚኣተን ነቶም ዘይከፈልካዮም ፋክቱራት እንከላይ መብዛሕትኡ ግዜ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ዝውስኽ ክፍሊት ንስኻ ክትከራኽረሉ ትኽእል ክፍሊት ክልእካልካ ይኽእላ ኢየን። ነዚ ፋክቱር እዚ ንምኽፋል ምስዘን ኩባንያታት እዚኣተን ክትመያየጥ ኣለካ።

- **ተግባራዊ ምኽሪ**

ኣብ መኽዘን ወይ ኣብ ኢንተርነት ሓደ ነገር ቅድሚ ምግዛእካ ምስ ነብስኻ ተዘራረብ። ውዕል ቕድሚ ምግባርካ ንዝተወሰነ እዋን ካብ ምሕታት ድሕር ኣይትበል፡ ኣብዚ ጉዳይ እቲ ሸያጢ ውዕልን ሓፈሻዊ ኩነታትን መሸጣ ክህበካን ኣለዎ። ሃዲእካ ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ። ንዝኣመንካዮ ሰብ`ውን ርእይቶ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ዝገዛእካዮ ፍርያት ጉድለት ምስዝህልዎ ወይ ጽቡቕ ጌሩ ዘይሰርሕ እንተኮይኑ ድሕሪ ምግዛእካ ከተረጋግጽ ኢኻ። ሰለስተ ኣማራጺታት ኣለዉኻ፣ ምስራዝ ናይቲ ውዕል፡ ምጉዳል ዋጋ ወይ ምምላስ ገንዘብ ምሕታት፡ ነቲ ዝተገዝአ ኣቕሓ ክትከኣልካ ምሕታት። ምኽሪ፡ መረጋገጺ ናይቲ ዝገዛእካዮ ንብረት (ትኬት፡ ውዕል) ክትዕቅቦ ኣለካ። ነቲ ንብረት ንኽትመልሶ ወይ ውሕስነት (garantee) ክትሓትት ክሕግዘካ ይኽእል ኢዩ።

<u>መጠንቀቕታ</u>: እቲ ድካን ንምምላስ ናይቲ ንብረት ምስዝቕበሎ ግድን ሰልድኻ ይመልሰልካ ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ኣብ ክንዲ ሰልዲ ዝመልሰልካ ንዋጋ ናይቲ ፍርያት፡ ኣብ ቦታ ተመላሲ ገንዘብ ቅብሊት ክህበካ ይኽእል። እቲ ኸኣ ኣብቲ ውዕል እንተደኣ ጸኒሑ ክትቅበሎ ግድን እዩ።

ውዕል ክትገብር ከለኻ ብዛዕባ ኩነታት ምሕዳስ ውዕል ክትፈልጥ ኣለካ (ሓደ ሓደ ግዜ ኣውቶማቲክ ኢዩ።) ከምኡ`ውን ብዛዕባ ኩነታት ምቁራጽ ክትፈልጥ ኣለካ። በዚ ከኣ ደስ ዘይብለካ ትርፊ ክፍሊት ተወግዶ።

ብዙሕ መብጽዓታት ካብ ዝገብሩልካ ዌብሳይታት ተጠንቐቕ። ንኣብነት ምስ ክፍሊት ዝጻረ ናይ መንበሪ ገዛ ኣብ ምድላይ ክንሕግዘካ ኢሎም ዝነግሩኻ ዌብሳይት መብዛሕትኡ ግዜ ኣዝዩ ክቡር ኢዩ ኣድማዊ ውን ኣይኮነን።

ንኣብነት ናይ ቴሌፎናት ኦፕሬተር ንገሊኡ ኣገልግሎት ዘይርከቦ ውዕል ክህቡ ይኽእሉ ኢዮም (ንኣብነት ናብ ደገ ምድዋል)። ቅድሚ ነቲ ውዕል ምፍራምካ ዘድልየካ ዝርዝር ነቲ ኦፕሬተር ከኣ ሕተቶ። ትኽክል መልሲ ምስ ዘይትረኽበሎም ተጠንቀቕ። ቅድሚ ናብኡ ምእታውካ ንሓፈሻዊ ኩነታት ሕተት።

ፋይናንሳዊ ጸገማት ምስ ዝህልወካ ወይ ካብ እኩባት ኩባንያታት ዝኽፈል ምስዝህልወካ፡ ናይ መስርሕ ዕዳ ፍሉይ ክእለት ንዘለወን ኣገልግሎታት ( ንኣብነት CSP ወይ Caritas) ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ነቲ ኩነታት ንምብራህን መፍትሒ ንምርካብን ክሕግዙኻ ንማሕበራዊ ኣገልግሎታት ውን ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

# መሰል መዓልታዊ ሂወት

**ኣድራሻን ምንጭን**

www.coupdepoucemajeur.ch
www.ciao.ch
Fédération romande des consommateurs (FRC) : www.frc.ch
Bon à savoir : www.bonasavoir.ch